


# <u>መለስ አይሞትካን</u>

እንታይ እኸን ተስማዓኒ ዘለኹን አእዛነይ
ኣታ እንታይ እኸን ተርእያኒ ዘለኹን ኣዕንተይ
ብሕልሚ ድዩ ብጋህዲ መይቱ ዝበሃል ዘሎ መለስይ

አንቲ ናይ ቃልሲ ኣዶ በረኻ ደደቢት
እቲ ሓያል እያ መይቱ እቲ ፈጣን ከም ጥይት
እቲ መራሒ እያ መይቱ እቲ ናይ ልምዓት ሰራዊት። (2)

ኣንቱም ህይወታውያን ፋጡራት ናይ ህዝቢ
ኣዕዋፍ ሽላ ሊሎ ብሰማይ ነፍርቲ
እስኪ ንገሩኒ እንታይ ይብሉ ኣለው
እቶም ዕሽላት ይና ሃገር ተረከብቲ። (2)

በሉ እንተ ከይዱ ኩሉ ገዳዲፉ
በሉ ንሱስ ከይዱ ሂወቱ ሐሊፉ
ስራሕ ኣቓሪፁ በቃ ኣዕሪፉ
ኣይዛረብን ኢሉ እቲ መምህር ኣፉ። (2)

እዛ ወርቃዊት ሂወት በቃ እምበር ኣዕረፈት
ላዕልን ታሕትን ክትብል ፍፁም ዘይዕረፈት
እፎይ ከይበለት ምንም ዘይፀገበት
ሃንደበት መፂእዋ እቲ ጨካን ሞት። (2)

ኣብሓመድ ዶ ኣዕሪፉ ዘይዓርፍ ነብሲ
በቃ ድዩ ከይዱ እቲ ፍሉይ ርእሲ
ሰላም ዘሪኡ መሰል ዲሞክራሲ
ሐንፂፁ ተሊሙ ናይ ሃገር ፖሊሲ። (2)

ተመለስ መለስ በይዛኻ
ዋይ ይብል አሎ መንእሰይ ዓድኻ
አምፅእዎ ይብል አሎ ሰፈር እንዳቦኻ። (2)

ትሰምዕ ዶ አለኻ ህዝብኻ እንተእዊ
ተወሪርና እንትብል ኩሉ አፍሪካዊ
ትሰምዕ ዶ አለኻ ዓለም ብአኻ እንተውሪ
ናበይ ከይዱ ይበሃል አሎ መለስ ዜናዊ። (2)

ዓለም ብዓለሙ ብአኻ ምስ ፈዘዘ
ህዝብኻ ይቕንዞ አሎ ንዓኻ ዘይሓዘ
ናበይ ደአ ሕዚ ገና ከሎ ግዘ
አባይ ጀሚርካዮ ምስወዳእኻዮ ተከዘ። (2)

መለስ በቃ ዲኻሞ ዘይትምለስ
ተራኺብኩም ደኾ ምስ አቡነ ጳውሎስ
ተቐቢሎምኻ ዶ መቃልስትኻ ኩሎም
እንበዓል አጋአዚ እንበዓል ሐየሎም
እንበዓል ማርታ ምስ ክንፈ ኮይኖም

እንበዓል አታኽልቲ እንባዓል አሞራ
ከመይከ አለዉ ጀጋኑ ስውአትና። (2)

ነገርካዮም ዶኾ ቃልካ ከምዝተግበርካ
አፈላላይ አጥፊእኻ ሓድነት ከምዝፈጠርካ
ንሰላም ንም ዕበለ ሃገር ጠንኪርካ ከምዝሰራሕኻ
ካብ ድኽነት አውፂእኻ ናብ ምዕበለ ከም አሰጋገርካ
መናእሰይ አሚሂርካ ሕድሪ ከም ዝገደፍካ። (2)

አይዘኹም ደቂ ዓደይ ፍፁም አይትንብዑ
ጀግና እዩ ንሱ አይነብርን ብታሪኩ ኩርዑ
ይዘከር እቲ አንበሳ ባንዴራ አንበልቡሉሉ
አፍርዩ እዩ ተተካእቲ ን እኡ ዝመስሉ ። (2)

እወ አይመትካን መለስ መይትካ አይንብልን
አለና ትውልድኻ ቃልካ አይነዕብርን
ክንክተሎ ኢና አሰርካ ብሞትካ አይንሰነፍን። (2)

ካብ ሙሉ ካሕሳይ ክንፋ
ፐሪስ ም/አዉስትራልያ